# እቲ በዓል ኣድጊ

## ኣብ ቤት ፋጌ

እዚ፡ እቲ በዓል ኣድጊ ኢልናዮ ዘሎና፡ ሰብ መጸውዒ ስሙ ኣይተነግረን። ይኹን እምበር፡ እቲ ታሪኹ ግና ምስቲ ዛንታ ናይ ኣድጉ ኣብ ወንጌላት ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ ሰፊሩ ይርከብ (ማቴ 21፡1-3 ማር 11፡1-6 ሉቃ 19፡28-34)።

እዚ ሰብ እዚ፡ ንሓንቲ መዓልቲ እኳ ድኣ ትኹን እምበር፡ በቲ ተወፋይነቱ ድማ እቲ ጕዳይ ከምቲ የሱስ ክርስቶስ ዝደለዮ ኾይኑ ብጽቡቕ ከም እተማልአ ንርኢ። እታ መዓልቲ ደሚቓ ውዒላ።

በዘን ከም ሕማማት ዝፍለጣ መዓልታት፡ በታ ቀድሚ እታ ዓርቢ መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ዝተሰቕለላ ዘላ መዓልቲ፡ "ሆሳእና" እንብላ ሰንበት ዚምልከት፡ ብዛዕባ እዚ በዓል ኣድጊ እስከ ሒደት ክንዛተ።

ሓደ ደራሲ ይብል፡ "ኣብ ሰማይ ምስ ኣቶኹ፡ ተቐላጢፈ፡ ሓደ ካብቲ ኽገብሮ ዝደሊ፡ ነቲ ንየሱስ ክርስቶስ ኣድጊ ዘለቅሐ፡ ስሙ ዘይተሰምየ ሰብኣይ፡ ክረኽቦን ክሓትቶን እዩ ይብል። ስለዚ እቶም ንማርያም ኣደ የሱስ፡ ንሃዋርያ ጳውሎስን ንኻልኦት ምርኡያትን ክትረኽቡ እትህንጠዩ ኰላትኩም ደሓን ሕለፉ ኪዱ እብለኩም ኣለኹ። ኣነ ግና ኣቐዲመ ክረኽቦ ዝደሊ እቲ ብዓል ኣድጊ ከም ዘሎ፤ ካብ ብሕጂ እብለኩም ኣለኹ።"

"ስሙ ስለ ዘይፈልጦ፡ ብመልክዑ ኽለልዮ ድማ ስለ ዘይኽእል፡ ሰማያዊ ኣድራሽኡ ክሳዕ ዘጻርዮ፡ ጊዜ ኽይወሰደለይ ኣይተርርፍን እዩ። ስለዚ ነቶም ኣብ ሰማይ መተኣትውተይ ድሓን ሕለፉ ክብሎም እየ።"

ብዛዕባ እዚ ብዓል ኣድጊ እንፈልጦ እታ ተመዝጊባ ዘላ ሓጻር ዛንታ ጥራይ እያ። ጸብጻባት ናይ እታ ዛንታ፡ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ብሰለስተ ጥቕስታት ተዓሚሙ ንረኽቦ። ኣብ ወንጌል ማርቆስን ሉቃስን ድማ እቲ ዛንታ ካብ ናይ እቲ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ዘሎ ቍሩብ ብንውሕ ዝበለ ተዘንትዩ ንረኽቦ። ኣብ ወንጌል ዮሃንስ ግና ብዛዕብኡ ገለ ኣይንርእን።

ብዛዕባ እዚ ዝጠቐስናዮ ደራሲ መንግስተ ሰማያት ምስ ኣተወ፡ ተቐዳዲሙ ነዚ ብዓል ኣድጊ ኪረኽቦ መደቡ ከም ዝኾነ ርኢና። ሕስብ እንተ ኣበልካሉስ፡ ብዛዕባ እዚ ንሒደት ሰዓታት ኣድጊ ዘለቅሐ ሰብኣይ ክሳዕ ክንድዚ ኽዓጅቦ ዚኽኣልስ እንታይ እዩ ምኽንያቱ?

ገለ ኻብቲ እዚ ደራሲ እዚ ነቲ ኣድጊ ዘለቅሐ ሰብኣይ ኺሓትቶ ዝደሊ ሕቶታት . . .

- ተቐላጢፍካ ገለ ሕቶታት ኽየብዛሕካ ነቶም ደቀ-መዛሙርቲ ነቲ ኣድግኻ ክትህቦም ዘኽኣለካ ምኽንያትሲ እንታይ እዩ? ገለ ሓበሬታዶ ነይሩካ እዩ?
- እቶም ነቲ ኣድግኻ ኺወስዱ ዚመጹ ዘይትፈልጦም ሰባት፡ ከይሓታተትካን

ኽይሓሰብካን እቲ ምንጥው ኣቢልካ ምሃብካ ገሪሙኒ፡ እሞ፡ እንታይ እዩ እቲ ምስጢሩ?

- ምስ ሃብካዮም እሞ፡ የሱስ ነቲ ናትካ ኣድጊ ተወጢሑ ንየሩሳሌም ኺኣቱ ኸሎስ ከመይ ተሰሚዑካ? ሓበንዶ ባህታ?
- በቲ ሽዑ እዋን የሱስ ብሰበ-ስልጣን ዝድለ ሰብ እዩ ነይሩ። እሞ እንታይ ተሰሚዑካ? ፍርሂዶ ሓርቖት?
- ብምኽንያት እቲ ሽዑ ዝወሰድካዮ ስጉምቲ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ንኹሉ ዘበናት፡ ስምካ ከይተጠቕሰ ዝንገር ዛንታ፡ ዝስበኽ ስብከት ድማ ከም ዚኸውንሲ ገለ ግምትዶ ነይሩካ?

እቲ ደራሲ ቀጺሉ፡ "ብዛዕባ ነዚ ዋና ኣድጊ ኽትሓቶ ዝደሊ ሕቶታት እናሓሰብኩ ከለኹ፡ ኣምላኽ ብእኡ ገይሩ ንኣይ ክሓተኒ ጀሚሩ እሞ፡ ምስ ነፍሰይ ክመራመር ጀመርኩ።

ገለ-ገለ እዋናት ንኣምላኽ ኽህቦ ዝተሰምዓኒ ግናኸ ዘይሃብክዎ ከም ዘሎ ኽስተንትን ምስ ጀመርኩ ድማ ኣፍሪሁኒ። 'ብሓቂዶ ኽሊኣዮ እየ ወይስ ሃለውለው እየ ዝብል ዘሎኹ' ኢለ ኸኣ ኣብ ምጭናቕ ኽኣቱ ጀመርኩ።

ገለ-ገለ ኻልእ እዋናት እውን ከምኡ፡ ገዛእ ርእሰይ ስለ ዘቐደምኩ፡ ሲሲዐ ንዓይ-ንዓይ ስለ ዝበልኩ፡ ብዛዕባ ልግሲ ኽርእየሉ ዝግብኣኒ ጊዜ እሞ ዝኣበኹሉ እዋናት ከም ዝነበረ ድማ ኽሓስብ ጀመርኩ።"

ብዛዕባ እዚ ምስትንታነይ ድማ ቀጸለ። ንኽብሪ እቲ ስሙ ኢሉ ብውሽጠይ ክህብ እተደረኽኩሉ እሞ፡ ሰዊኤ ዘበርከትኩሉ እዋናት ከም ዝነበረ ድማ ክርኣየኒ ጀመረ። ካልኡት ተባሪኾሙሉ እዮም እሞ፡ ነቲ ምእንቲ ስሙ ምልጋስ ዝመሃረኒ መንፈስ ቅዱስ ኣመስገንኩ። ብእኡ ድማ በቲ እቲ ኹሉ ንኽብሩ ኢለ ዝወፈኹዎ ነገራት ደጊመ ተሓጒስኩሉ።"



"እቲ ዘገርም፡ እቲ ነዚ ሰብኣይ ክሓትቶ እየ ዝብሎ ዝነበርኩ ሕቶታት ብኽፊሉ ኺምለሰለይ ከኣለ። እንተ ኹነ እውን ገና ክረኽቦ፡ ክሓቶ ድማ እደሊ።"

እዚ ሰብኣይ እዚ፡ ብዘይ ዕጽይ-ምጽይ፡ ብዘይ ምኽኒታዊ ኽትዕን ስሓቦ ጉተቶን፡ እቲ ጉዳይ ምስ ተገልጸሉ፡ ጐይታ ንኣድጉ ንሒደት ሰዓታት ኪጥቀመሉ ወፈዮ። ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ተሓጒሱ ውዒሉ። ካልኡት'ውን፡ ቈልዑ እኳ ኸይተረፉ ከምኡ ተሓጒሶም ውዒሎም።

መዓልቲ ደስ-ደስ ኰይኑ ውዒሉ። ኣረ ውዒሉ ጥራይ ዘይኰነስ ታሪኽ ድማ ኰይኑ። እቲ ኣድግኻ ንጐይታ ምኻኑ ፈሊጥካ ምውፋይ ኣብ ልብኻ ይስፈር ኣብ ተግባርካ ድማ ይርአ።

የሱስ ክርስቶስ፡ “ሓደ፡ ስለምንታይ ትፈትሕዎ ኣሎ'ኹም፡ ኢሉ እንተ ሓተተኩም ከአ፡ ጐይታይ ይደልዮ ኣሎ” ኢልኩም ምላሽ ሃቡ ኢሉ መምርሒ፡ ትእዛዝ ሂቡዎም።




ኣብዚ እንነብረሉ ዘሎና እዋናት ድማ ከምቲ ኣብ ልዕሊ እቲ እተወፈየ ኣድጊ ተወጢሑ ንየሩሳሌም ተዓጂቡ ዝኣተወ፡ ንሕና ድማ ብምውፋይ፡ ተጻባእቲ ኽዓግትዎ ዘይክእሉ፡ ዝዕጀቦ ኣገልግሎት ፈተውቲ ኣሎ። ዝማላእ ኣገልግሎታት፡ ሓገዝ ምዕባይ ዜድልዮም ዘኽተማት፡ ራህዋ ዘድልዮም ሽጉራት፡ ወዘተ ኣለዉ። ነዚ ኣድጉ ወፍዩ ንክርስቶስ ዝዓጀቦ፡ ስሙ ዘይተነግረ ሰብኣይ ንዘክሮ። ብእኡ ድማ ንተባባዕ።

# ምስጋና

እቲ ዝወስዶ ግዜን ተገዳስነትን ይርድኣና እዩ እሞ፡ ስለ እቲ በብእዋኑ እትጽሕፉልና ኣዚና ኽም እነመስግን ከነዘኻኽረኩም ባህ ይብለና።

ኣብቲ እትስደዎ፡ ሃናጺ ነቕፌታ፡ ዘተባብዕን ዘበራትዕን ሕያውነት ዝመልአ ቃላት ንረኽብሉ። በዚ ኽኣ ነቲ ኣገልግሎት ኽነመሓይሾን ኽነጸብቖን፡ ኣዝዩ ይድግፈና።

ኩሉ ኣብዚ ኽተውጽኡ ከመይ ጽቡቕ ነይሩ፡ ግና እንሆ መመሊስኩም ክትጽሕፉ በዚ ነተባብዓኩም።

ስራሕ ኣምላኽ ሰሲኑ ንበረኽትን ድሕነትን ክኸውን ኣብቲ ናይ መዓልታዊ ጸሎትና ኣይንረስዓዮ።

# መዘኻኸሪ

ስለ እቲ እትሰዱዎ ጽሑፋት ኣዚና ነመስግን። ይኹን እምበር፡ ሓደ ዓምዲ ብመን ተጻሒፉ ካበይ መጺኡ ኽይፈለጥና ኽነውጽኦ ኣይንኽእልን ኢና፡ እሞ፡ ጽሑፋት ክትሰዱ ከለኹም ነዚ ኣብ ግምት ኣእትውዎ።

**ከምኡ'ውን፡**

<u>እቲ ኹሉ ዚመጸና ጽሑፋትን ዓምድታትን ኣብ መጽሄት ኺወጽእ እዩ ማለት ከም ዘይኰነ ኣይንረስዕ።</u>